Seattle Ethics & Elections Commission

# ናይ ሕጹይ መለለይታት



**ስም ሕጹይ፡** Bruce Harrell
**ስም ወፍሪ:** ብሩስ ንስያትል (Bruce for Seattle)
**ድሕረ ገጽ ናይ ምረጹኒ ጎስጓስ:** BruceForSeattle.com
**ናይ ከተማ ከፉት መዝነት፡** ከንቲባ
**ናይ ወፍሪ ቁጽሪ ቴሌፎን:** (206) 486-0377
**ናይ ሕጹይ መላለይ፡**

ን Seattle ኣብ ናይ ሓባራዊ ዕድል ዋጋ፣ ምትሕብባርን ማዕርነትን ንምትሕብባር ከንቲባ ንምኧን ይወዳደር አለኹ። ብሓባር፣ ናይ ገዛ ኣልቦነት ቅልውላውና ንምፍታሕ፣ ንናይ Seattle ኣናእሽተይ ቢዝነሳትን ቤተሰባታትን ጠንካራ ኢኮኖሚካዊ ምግጋም ንምምራሕ፣ ከምኡ'ውን ናይ ፖሊሳት ባህሊ ዝቅይር ናይ ፖሊስ ሕድሳት እውን ተግባራዊ ንምግባር ድፍረት ዝተመላኦ ስጉምቲ ንምውሳድ፣ ተግባራቶም ጥራሕ ከይኮነ፣ ኩሎም ቤተሰባት ደሕንነቶም ከም ዝተሓልወ ምርግጋጽ።

ኣብ ሰራሕተኛታት ክፍሊ ዝምደብ፣ ኣብ ክልተ ዘራኢ ዝዓበኹ እንትኾን፣ ህይወተይን ናይ ስራሕ ዘመነይን ኣብ Seattle እየ ኣሕሊፈዮ። ነዚ ከተማ እዚ ይፈትዎ እየ— መን ምኧንናን መን ክንከውን ከም ንኽእልን። ኣብ ናይ ከተማ ባይቶ፣ ንክሳኽዐለይ ብዙሓት ማሕለኻታት ክሓልፍ ኔሩኒ—ናይ Seattle ናይ መጀመሪያ ጸረ ኣድልዎ ፖሊስ ሕጊ ዘምሓልለፍኩ፣ ናይ ስራሕ ቦታ ኣድልዎ ንምክልኻል ባን ቦክስ ዝገበርኩን፣ ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲና ድማ ን BIPOC ቆልዑ ሓገዝ ዝወሰኽኩ ሰብ ኣየ።

ናይ Seattle ዋና ኣገደስቲ ጉዳያት ንምፍታሕ ኣብ ተግባር ዝውዕሉ ስጉምቲታት ሒዘ እየ ነዚ ወፍሪ ጀሚረዮ፣ ናይ ኣየር ንብረት ቅልውላው እውን ክቅንስ፣ ናይ ሽጉጥ ሓደጋታት ምቅናስ፣ ንኩሎም ናይ Seattle ነበርቲ ናይ ጥዕና ክንክን ክህልዎም ምግባር፣ ኣብ ናይ ባቡር መግዲን ናይ መጎዓዓዝያ መሰረተ ልምዓትን ኢንቨስት ምግባር ዝካትት እዩ።

ዋና ወፍሪና ብናይ ኣዝዩ ብዝሓነት ዘለዎ ናይ ከንቲባ ሕጹያት፣ ከም ጸለምቲን ናይ AAPI ማሕበር ሰብ መራሕቲን፣ ነባር አመሓዳሪ Gary Locke፣ ነባር ከንቲባ Norm Rice፣ ናይ ሰባአዊ መሰል ተኸራኸርቲን ናይ ፖሊስ ምሕዳስን፣ ኣብ Seattle ዘለዉ ጎረባብቲ ተቀባሊነት ረኺቡ እዩ። ሓገዝኹም ስለ ዝሀብኩምኒ ክብሪ ይስመዓኒ፡፡

*እዛ ሕጹይቲ ተወዳዳሪት ኣብ መደብ ዲሞክረሲ ቮቸር (Democracy Voucher Program) ተሳታፊት ኢያ፡፡*

# ናይ ሕጹይ መለለይታት



**ስም ሕጹይ፡** ሎሬና ጎንዛለስ(Lorena González)
**ስም ወፍሪ:** ሎሬና ንሲያትል (Lorena for Seattle)
**ድሕረ ገጽ ናይ ምረጹኒ ጎስጓስ:** www.Lorenaforseattle.com
**ናይ ከተማ ክፉት መዝነት** ከንቲባ
**ናይ ወፍሪ ቁጽሪ ቴሌፎን:** 206.651.5668
**ናይ ሕጹይ መላለይ፡**

ኣብ ማእኸላይ Washington ብስደተኛታት ናይ ሕርሻ ሰራሕተኛታት ዝዓበኹ ናይ መጀመርያ ትውልዲ ኣሜሪካዊ እየ። ክዓቢ ከለኹ፣ ሲያትል (Seattle) ሕልመይ እያ ነይራ ናብ ኮሌጅ ንክኣቱ ስርሐይ እንዳሰራሕኹ ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ ድማ ሙሉእ ነገረይ ኣወፍየላ፣ ካብ ሲያትል ዩኒቨርሲቲ (Seattle U) ናይ ሕጊ ዲግሪ ረኺበ፣ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ጠበቓ ኮይነ፣ ድሕሪኡ ድማ ኣብዚ ቤተ ሰብ መስሪተ።

ንናይ ከተማ ካውንስል ተወዳዲረ ሰባት ክፉል ናይ ቤተ ሰብ ዕረፍቲ ንኽረኽቡን፡ ናይ pre-K ን LGBTQ ን መሰላት ንምስፍሕፉን ሰሪሐ፣ ንግዳያት ጾታዊ ጥቕዓት ሓለዋ ኣብ ምሃብ፣ ኣብ ናይ መረጻ ምምምሕያሽ፣ ከምኡውን ንሰራሕተኛታትንሰራሕተኛታትናእሽቱ ትካላት ሓገዝ ኣብ ምሃብ ሰሪሐ።

(ሲያትል)Seattle ኣብ ቅልውላዋዊ ኩነታት እያ ትርከብ፣ ነዚ ኩነታት እዚ ንምስጋርን ንናይ (ሲያትል)Seattle እኩብ፣ ሓባራዊ ምዕባለ ናብ ዝነበሮ ንምምላስን መንገዲ ንምጽራግን ተሪር ናይ ምምሕየሽ ተግባር እዩ ዘድሊ። ብዙሕነትና ሓይልና ዝኾነሉ፡ ኩሎም ዓይነት ትካላት ዝዓብዩላ፡ ሰሪሕና ድማ ንመነባብሮና ዝኣክል መሃያ ዝኸፈለላ Seattle ንምፍጣር ኢዩ እቲ ዕላማ። ኩነታት ኣየርና ኣብ ምክንኻን ኣብ ዓለም እትመርሕ፣ ደሕንነቱ ዝተሓለወ፣ ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎ ገዛ ንኩሉ ሰብ እተቕርብ፣ ናይ ገበን ፍትሒ ምምሕያሽ ትገብርን ናይ ሰብኣዊ መሰል ድሌት ንምምላእ ህዝባዊ ደሕንነት ዘለዋ ሲያትል (Seattle) ኢና ንደልይ።

*እዛ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት ኣብ መደብ ዲሞክረሲ ቮቸር (Democracy Voucher Program) ተሳታፊት ኣይኮነትን፡፡*

Seattle Ethics & Elections Commission

# ናይ ሕጹይ መለለይታት



**ስም ሕጹይ፥** Ann Davison
**ስም ወፍሪ፥** Neighbors for Ann
**ናይ ወፍሪ ዌብሳይት፥** https://www.neighborsforann.com/
**ናይ ከተማ ክፉት መዝነት፡**: ናይ ከተማ ኣኽባር ሕጊ
**ናይ ወፍሪ ቁጽሪ ቴሌፎን:** 206-775-8838
**ናይ ሕጹይ መላለይ፡**

ኣነ ንናይ Seattle ኣኽባር ሕጊ መዝነት ይወዳደር ኣለኹ፣ ምኽንያቱ ከተማና ጠለባት ናይ'ቶም ቀንዲ ተነቀፍቲ ዝኾኑ ኣብ ምምላእ ከምኡ'ውን ህዝባዊ ድሕነትን ጥዕናን ናይ ምፍጻም መሰረታዊ ስራሓት ኣብ ምፍጻም ንዝርአ ዘሎ ዝሕታለ ከስተኻኽል ኣለዎ።

ኣብ 2008 ናብ'ቲ ቤት-ፍርዲ ዝወስድ መንገዲ ኣየስግእን ነይሩ። ግን ኣብ'ቲ ካልኣይ ውላደይ ዝወለድክሉ ዓመት ኣብ 2011፣ ጎደናታትና ሓደገኛ እንዳኾኑ መጺኦም። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፣ ሰራሕተኛታትን ፈረድቲን ነቲ ቀንዲ መእተዊ ማዕጾ ኣይጥቀሙን እዮም፣ ስለምንታይ ሓደገኛ ስለዝኾነ። ኣብ ገገዛውትና ድማ ተመሳሳሊ ተርእዮታት ኣሎ ክበሃል ይከኣል።

ስለምንታይ ኣብ ፈቀዶ ናይ Seattle ጽርግያታት ሰባት ብዘፈንፍን ኲነታት፣ ዋላ'ውን ኣብ'ቲ ኣነ ዝሰርሐሉ ዝነበርኩ ካብ ኲናት ሃዲሞም ኣብ ናይ UN ስደተኛ መዓስከራት ዘይተራእየ ኲነታት ይነብሩ ኣለዉ ክብሉ ደቀይ ምሕታት ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ኣብ መዲናና ዘጋጠመ ትኽክል ከምዘይኮነ ዋላ'ውን ደቅና ይፈልጡ።

ገበን ብብልሒ ንምቁጽጻር ዝጠቅም ምዕሩይ መሪሕነት ክህልወኒ እዩ: *ስጉምታዊ ዝኾነ* ዘይግብረመልሳዊ። ህዝባዊ ድሕነት ዳጊም ንምውሓስ ምትሕብባር ዝተሓወሰ ርህርህ፣ ምዕባለ ዘናዲ ንጡፍ ርክባት ምስ ከተማናን ክልልን ዝፈጥር መሪሕነት ክኹስኩስ እየ።

ነዚ ኣገዳሲ ስምረት ናይ ህዝባዊ ጥዕናን ድሕነትን ብምዕራይ፣ ኣብ ሰሓብነት ናይ ከተማና ምምሕያሽ ክንርኢ ክንጅምር ኢና። ምርጫኹም እንተኾይነ፣ ብሓባር ውሕስነት ዘለዎ፣ ንኩሉ ዝኸውን ህያዋይ ከተማ ክንፈጥር ንኽእል ኢና።

*እዛ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት ኣብ መደብ ዲሞክረሲ ቮቸር (Democracy Voucher Program) ተሳታፊት ኢያ፡፡*

Seattle Ethics & Elections Commission

# ናይ ሕጹይ መለለይታት



**ስም ሕጹይ:** Nicole Thomas- Kennedy
**ስም ወፍሪ፥** NTK4Justice
**ስም ዌብሳይት፥** https://ntk4justice.com/
**ናይ ከተማ ክፉት መዝነት፡**: ናይ ከተማ ኣኽባር ሕጊ
**ናይ ወፍሪ ቁጽሪ ቴሌፎን:**
**ናይ ሕጹይ መላለይ፡**

Seattle ንሓድሽ ውጥን ናይ ሕጊን ህዝባዊ ድሕነትን ድልው እዩ፣ ምስ ድኽነትን ስንክልናን ዝተኣሳሰር ገበን መፈጸምታ ዘምጽእን ንኩሉ ዝኸውን ጥዕና ዝመልአ ማሕበረተሰብ ምውፋርን። ዘይጠቅም ቀሊል ገበን ምቅጻዕ እንኮ ውጽኢቱ ነቶም ብፍልልያት መነባብሮ ቀንዲ ዝተጸልዉ ሰባት መሊስካ ምዝንባል ምኺኑ ዝርዳእ ናይ ከተማ ኣኽባር ሕጊ የድልየና ኣሎ። መቅጻዕቲ ነዞም ማሕበረተሰብና ውሑስ ኣይገበሮምን፣ ኮይኑ ግና ግዳምሓደርና፣ BIPOC፣ ድኻታትን ስንኩላን ኣባላት ኮምና ብፍርዲ ኣብ ምቅጻዕ ከተማና ዓመታዊ ሚልዮናት የጥፍእ። ግዚኡ ናይ ለውጢ ግዘ እዩ።

ኣንፈትና ካብ ግብረመልሳውን ቀጻዒ ሞዴላት ናይ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ብቕጽበት ምጥምዛዝ የድልየና ኣሎ። ብሰንኪ ስርዓታዊ ውድቀታት ንውልቀሰባት ንምቕጻዕ ገንዘብ ካብ ምጥፋእ፣ ኣብ Seattle ጥዕና፣ ድሕነት፣ ከባቢን ሓፈሻዊ ድሕንነት ናይ’ቲ ህዝቢ ንምክልኻልን ምድንፋዕን ኣብ ዘኽእሉ ሕግታት ከተኩር እየ። ንመሰላት ተኻረይቲን ሰራሕተኛታትን ክጣበቕ፣ መንበሪ ኣባይቲ ብርትዓዊ ዋጋ ክርከብን ካብ ምጥቃም ተፈጥሮኣዊ ነዳዲ ንምርሓቕን ክቃለስ እየ።

ብመንገዲ ግፋን እስርቤትን ነቶም ኣዝዮም ተነቀፍቲ ጉጅለታትና ምፍንቃል እንተቛሪጽና ከተማና Seattle ውሑስ ክትከውን ኢያ። ከም ናይ ከተማ ኣኽባር ሕጊ ነዚ ከምዘይሰርሕ ንፈልጦ ስርዓት ክበታትኖ እየ። ሓፊስካ ምእሳር ኣቋሪጽና፣ ኣብ ክንድኡ መሰረታዊ ሰብኣዊ ጠለባት ንምምላእ ንኽእል ኢና። ነዚ ብምግባር ድማ ንመላእ Seattle ዘውሕስ ሓቀኛ ፍትሒን ድሕንነትን ንምፍጣር ኣድላዪ ዝኾነ መሰረት ክንሃንጽ ኢና።

*እዛ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት ኣብ መደብ ዲሞክረሲ ቮቸር (Democracy Voucher Program) ተሳታፊት ኢያ፡፡*

# ናይ ሕጹይ መለለይታት



**ስም ሕጹይ፥** Kenneth Wilson
**ስም ወፍሪ፥** Ken For Council 8
**ናይ ወፍሪ ዌብሳይት:** KenForCouncil8.com
**ናይ ከተማ ክፉት መዝነት፡**: ናይ ከተማ ባይቶ ቁጽሪ መዝነት 8
**ናይ ወፍሪ ቁጽሪ ቴሌፎን:** 206-637-4994
**ናይ ሕጹይ መላለይ፡**

ባይቶ ናብ ጌጋ ኣንፈት የምርሕ ኣሎ። ዝምረጹ ፖለቲካውያን ነቲ ዝውስኽ ዘሎ ጸገም ናይ ግዳምሓደር፣ ዘይተሰርሐ ጽርግያን ኣባይቲን ዕጽዋት ንግድታት ፍታሕ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ኣነ ንምርጫኹም ዝሓተሉ ዘለኹ ምኽንያት ነዚ እዋናዊ ጌጋ ምሕደራ ዝትክኡ ፍታሓት ንምቅራብ እዩ።

ዳውንታውን ዘይሕጋውን ገበን ዝበዝሖን ክኸውን ከሎ፣ 911 ግብረመልሲ ዝህብሉ ግዜያት ወሲኾም፣ ንፉዕ ናይ ፖሊስ ኣመሓዳሪ ካብ ስራሕ ክወጽእን ምዕራብ Seattle ብሰንኪ ዝሕቱል ምትዕርራይን ኣብ ምሕደራ ክቡር ኣባይቲ ቀጻሊ ዝተገብረ ጌጋታትን ካብ'ቲ ከተማ ክዕጾ ከሎን ብጓሂ ክዕዘብ ጸኒሐ። ናይ ግዳም ሓደር ብድሆታትና እንዳሳዕረሩን ብዘይ ሓገዝ ክኸዱን ጸኒሖም፣ ከምኡ'ውን መናፈሻታትን ቤት-ትምህርታትን ኣደዳ ወልፊን ኣእምሮኣዊ ሕማማትን ክኾኑ ርኢና። ምስ ነፍስወከፍ ምዕባለ ኣባይቲ ኣድለይቲ ካኖፒ/ኣረግቶት ኣግራብ ኣጥፊእና፣ ከምኡ'ውን ርትዓዊ መንበሪ ክራይ ብሓሙሽተ ብሓደ ብክቡራት ኣባይቲ ተተኪኦም፣ እዚ ድማ ንዝጸንሐ ቱቦታት ፍሳስ ማይ ጸቕጢ ኮይንዎ።

ኣብ ከተማ Seattle ናይ 28 ዓመት ነባራይ እየ፣ ሰበይተይን ክልተ ደቀይን ኣብ'ዚ እየን ተወሊደን። ሊቸንሳ ፍቃድ ዘለኒ ናይ ቢንቶ ኢንጅነር(PE SE) እየ፣ ናይ ባዕለይ ነኣሽቱ ኢንጂነሪንግ ንግድታት ካብ 2005 ድማ ኣለዉኒ። ከም *ናትኩም*ኣባል ባይቶ፣ ናብ'ቲ ናይ ኢንጂነሪንግን ናይ 30 ዓመት ተመክሮይ ኣብ ስራሕ መጓዕዝያን ፕሮጀክታት ኣባይቲን ብምምርኳስ ናይ ባይቶ ስጉምታት ናብ መፈጸምታ ንምብጻሕ ግብራዊ ውሳነታትን ምምሕያሻትን ክፈጥር እየ። ንSeattle ናብ ዝነበረቶ ንደልዮ ዓይነት ከተማ ክመልሳ ኣድላዪ ዝኾነ ተመክሮን ሜላን ኣለኒ።

*እዛ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት ኣብ መደብ ዲሞክረሲ ቮቸር (Democracy Voucher Program) ተሳታፊት ኣይኮነትን፡፡*

# ናይ ሕጹይ መለለይታት



**ሽም ሕጹይ:** Teresa Mosqueda
**ሽም ወፍሪ:** ሰባት ን Teresa
**መርበብ ሓበሬታ ወፍሪ:** TeamTeresa.org
**ክፉት ቦታ መዝነት ምምሕዳር ከተማ:** ሲያትል ናይ ከተማ ባይቶ Position 8
**ቁጽሪ ተሌፎን ወፍሪ:**
**ሌላ ምስ ሕጹይ:**

ከተማና ኣብ ቀራና መንገዲ ስለዘላ ንዳግማይ ምርጫ ይወዳደር ኣለኹ። እቶም ንሰርሕ፣ ንነብርን ሲያትል ንበጽሓ ካብቲ ንኽንኣምኖ ዝመርሓና መንግስታዊ ክፍሊ ብዙሕ ናይ ሓባር ኣሎና። ኣባል ቤት ምኽሪ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ናይ ሜላ (ፖሊሲ) ለውጢ ንምምጻእ ምስዘተፈላለዩ ኣባላት ልፍንቲ ጌረ። ናይ ዘቤታዊ ሰራሕተኛታት ናይ መሰላት ሕጊ ብናይ ሓባር ድሌት ዘተኮሩ ክኾኑ ዘይክእሉ ተሓባበርቲ ብሓባር ብምምጻእ ካብ ምምሕልላፍ ክሳብ ምጅማር መደብ ምምዕባል ኣታዊ ሲያትል፣ ዝተማቃራሕናዮም ክብርታትና ዘንጸባርቁ ሲያትል ንምህናጽ ብሓባር እጅጌና ሰብሲብና ኣሎና።

ሙያይ ወላሓደ ሰብ ከይርሳዕን ንድሕሪት ከይተርፍን ንምርግጋጽ ኣወፍየዮ ኣለኹ። ከተማና ዘጋጥማ ዘሎ ኣዝዩ ህጹጽ ዝኾነ ፍታሕ ንምርግጋጽ ምስ ዝሰርሑ ስድራቤታት፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ ጸዓዱ ዘይኮኑ፣ ስደተኛታትን ኣዝዩ ዝተሓተ ደሞዝ ዘለዎም ውልቀሰባት ደዉ ኢለ ኣለኹ። ብቀጻሊ ድጋፍኩም፣ ኲሎም ጎረባብትና ካብ COVID ጸገማት ህዝባዊ ጥዕናን ቁጠባዊ ዝሕታለን፣ ጸገማት ቤት ኣልቦነትን ርትዓዊ መንበርን ምፍታሕ፣ ተወሳኺ ትምህርታውን ዕድላት ክንክን ቆልዓ ምፍጣር፣ ጽቡቕ ናይ መነባብሮ ዘለዎ ናይ ደመወዝ ስራሕን ምፍጣርን ኣብ ጥዕናና፣ መጓዓዝያን ትሕተ ቅርጽን ምወላ ምግባር ናብ ንቡር ክምለሱ ክንሕግዝ ንኽእል ኢና። ናይ ዲሞክራሲ ቫውቸርኩም ንዓይ ንምውፋይ ብምሕሳብኩም የቐንየለይ -- ቫውቸር ብ ቫውቸር፣ ሰብ ብ ሰብ፣ ንዑ ተራር ዝኾነት ሲያትል ንህነጽ።

*እዚ ሕጹይ ኣብ መደብ ዲሞክራሲያዊ ቫውቸር ይሳተፍ እዩ።*

# ናይ ሕጹይ መለለይታት



**ስም ሕጹይ፡** Nikkita Oliver (ንሰም/ንሶም/ናቶም)
**ስም ወፍሪ፡** Nikkita ንህዝቢ ናይ ወፍሪ
**ባይታ መርበብ**: www.nikkita4nine.com
**ናይ ከተማ ከፉት መዝነት** ባይቶ ከተማ ሲያትል (Seattle) ቁጽሪ 9
**ናይ ወፍሪ ቁፅሪ ቴሌፎን:** (206) 712-2778
**ናይ ሕፁይ ተወዳዳሪ መላለይ፡:**

**ትጽቢት ዘይተገበርም ቅልውላዋት ለውጢ ዝፈጥር ምላሽ ይደልዩ። ኣዝዮም ለወጥቲ መፍትሒታት ካብ በዞም ገጢሞምና ዘለዉ ቅልውላዋት ካብ ዝተጎዳ ሰባት እዮም ዝመጹ።**

ኣነ ተሓላቂት፣ መምህሪት፣ አርቲስት፣ ማሕበርሰባዊ ኣተሓባባሪት፣ ከምኡውን ጠበቃ እየ። ኣነ ተኻራዩት እየ። ኣብ ናይ ኮሌጅ፣ ናይ ሕጊ ትምህርቲን ናይ ተመራቂ ጊዜይ ስራሕ እንዳሰራሕኩ ኣሕሊፍዮ። ገዛ ናይ ዘይምርግጋፅ ኣጋጢምኒ ኣብ መኪናይ እውን ደቂሰ ይፈልጥ እዩ። ከም ናይ ገዛ ውሽጢ ጥቅዓት ዝደሓንት ሰብ፣ ዋጋኡ ተመጣጣኒ ገዛ ብዘይ ምህላዉ ዝኾነ ገዛ ብዘይ ምህልዉ ትድውለሉ ሰብ ስኢንካ ዘጋጥም ከቢድ ኩነታት ከመይ ከም ዝኾነ ይፈልጥ እየ። ናይ ግብረ ሰናይ ዋና ዳይሬክትር እየ ቀዳሚት ኣገልግሎት ወሃቢት ኮይነ ብምጅማር። ከም ጠብቃ ዓማዊል ካብ ትምህርቲ አብ ዝባረሩሉ፣ ዘእገዱሉን ዝግለሉሉን ጊዜ ክሕግዞም ጸኒሐ እየ።

ናይ ከባቢና ፈጠራዊ ፍትሒ (RJ) ፕሮግራም ክጣይሽ ሓጊዘ እየ—ፈጠራዊ ፍትሒ። ናይዚ ዝምዕብል ዘሎ RJ ሜላታት King County ኣካል ኮይነ ኣብ ምቅጻል ይርከብ ከምዚ ሓድሽ ብማሕበረ ሰብ ዝምራሕ ሓዳሲ ናይ ማሕበር ሰብ መገዲን (community-led Restorative Community Pathways) ናይ መናእሰይ ምስኻዕ ማእኸልን (Youth Achievement Center) (YAC) ምስ ናይ ማሕበረ ሰብ መገዲታትን (Community Passageways) አፍሪካ ታውን ማሕበር ስባዊ መሬት ትረስትን (Africatown Community Land Trust)። እዚ YAC ነጻን ትሑት ክፍሊት ዘለዎምን መንበሪታት ናይ መናእሰይ ኣገልግሎታት ኣብ SE Seattle ክእልሽ እዩ።

ስርሐይ ካብ ናይ ሕሉፍ መንባብሮይን ሞያዊ ልምደይን መሰረት ዝገበረ እዩ፣ ልዕሊ ኩሉ ግን ኣብ ኣዘዮም ዝተጸልዉን ምስኦምን እየ ሓቢረ ዝሰርሕ።

*እዛ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት ኣብ መደብ ዲሞክረሲ ቮቸር (Democracy Voucher Program) ተሳታፊት ኢያ፡፡*

# ናይ ሕጹይ መለለይታት



**ስም ሕጹይ፡** ሳራ ኔልሰን (Sara Nelson)
**ስም ወፍሪ:** ሳራ ንኣማኻሪ ቤት ምኽሪ ከተማ (Sara for City Council)
**ድሕረ ገጽ ናይ ምረጹኒ ጎስጓስ:** Saraforcitycouncil.com
**ናይ ከተማ ክፉት መዝነት** ባይቶ ከተማ ሲያትል (Seattle) ቑጽሪ 9
**ናይ ወፍሪ ቁጽሪ ቴሌፎን:** (206) 910-8762
**ናይ ሕጹይ መላለይ፡**

ሲያትል (Seattle) ኣዝያ ብልጽቲን፣ ዕድለኛን ከተማ እያ። ብዘድንቕ ሓብቲን፡ነንሒድሒዶም ብዝተኣላለዩን ጎረባብቲ ዝተባረኸና ኢና። እንተኾነ ግን ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ግዜ ኢና ዘለና፡ ከተማና ድማ ዋላ ኣቲ መሰረታዊ ኣገልግሎት ኣይተቕርብን ኢያ ዘላ። ንናይ ከተማ ባይቶ ዝወዳደር ዘለኹ ናይ ሲያትላውያን ናብራ ንምምሕያሽ ርኡይ ዝኾነ ለውጢ ክነምጽእ ከም እንኽእል ስለዝፈልጥ ኢዩ።

ካብ ኮቪድ (COVID) ለበዳ ናብ ንቡር እንዳተመለስና እንከለና፡ ከባቢና ንምሕያል። መራሒ የድልየና ኢዩ። ከም ብሽርከነት ጀማሪት ንእሽቶ ናይ ቤተሰብ ትካል፡ቀንዲ ኣካል ሕብረተሰብና ብኸመይ ኣገባብ ካብ ባዶ ተበጊሰ ከምዘዕብዮ ኣፍልጦ ኣለኒ። ኣብ ፍሪሞንት ትካል መፍረ ቢራ (Fremont Brewing)፡ንሰራሕተኛታትና ብግቡእ ንኣልዮም፡ ንሕብረተሰብና ንሕግዝ፡ ነቲ ኢንዳስትሪ ድማ ቀጻልነት ንህልዎ ንገብር። ብተወሳኺ ድማ፣ ጽቡቕ ቢራ ነፍርይ!

ብዝዕባ ብዙሓት ግዳም ሓደርነትን፡ መሰረታዊ ኣገልግሎትን፡ ብዙሕ ጣቋ ዘረባታት ሰሚዕና ኢና፣ እኹል ውጽኢት ግን ኣይረኣናን። ኣነ ነገራት ኣብ ግብሪ ኣብ ምውዓል ኢዩ ኣትኩሮይ። ኣብ ባይቶ ከተማ ከም ኣማኻሪት፡ ሲያትል (Seattle) ብደረጃ ሓገር ብቐዳምነት ክትስራዕ ዝገብራ፡ ናይ ከባብያዊ ውጥን (ፖሊሲ) ሕግታት ጽሒፈ ኣሎኹ። ከም ናትኩም ናይ ከተማ ባይቶ ኣካል፡ ጽርጊያታትናን ቢንቶታትናን ከዐርይ ኢየ፡ግዳም ሓደር ናይ ዝኾኑ ሰባት ቁጽሪ ክቕንስ ኢዩ፡ እምነት ኣብ ናይ ከተማ ባይቶ ከምዝምለስ ክገብር ኢዩ።

ከተማና ናብ መሰረታዊ ነገርን ዝኣተዎቶ ቃል ናብ ምኽባርን እትምለሰሉ ግዜ እዩ። ንናይ ከተማ ባይቶ ሳራ ኔልሰን (Sara Nelson) ኢልኩም ምረጹ!

*እዛ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት ኣብ መደብ ዲሞክረሲ ቮቸር (Democracy Voucher Program) ተሳታፊት ኣይኮነትን፡፡*